ነጸብራቕ ኤርትራ

# ሃገራዊ ዋዕላ
# ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት?
## *ነጸብራቓዊ ሓተታ*
### *(ቀዳማይ ክፋል)*

ኣብ ክሊ ደንበ ተቓውሞ፡ እናሻዕ ዓበይቲ ሃገራዊ ዛዕባታት ይላዓሉ እዮም። ካብ'ቶም ዝለዓሉ ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያት ከኣ፡- ሃገራዊ ዋዕላን ሃገራዊ ዕርቅን እያቶም። እዞም ናይ ዕብየትን ሓድነትን ክስተታት እዚኣቶም፡ ኣብ ዕብየት ኤርትራ ኣገዳሲ ምዕራፍ ክህልዎም ዝኽእል ምዃኑ ኣየካትዕን። ስለምንታይ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓድሕዱ ምትእምማን ኣረጋጊጹ፡ ሃገሩ ክሃንጽ ድልው ኾኺኹ ባይታ ስለዝፈጥር።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ሓደ ስጉምቲ ናብ ሃገራዊ ዕርቂ ኢዩ። ዝተበደለ ዝካሓሰሉ (ብፍትሒ) ዝበደለ ይቕረ ዝብለሉን እንተዘይኮነ ድማ ብሕጊ ፍትሓዊ ውሳኔ ዝገበረሉን ደረጃ ኢዩ። ናይ ምትእምማን፡ ናይ ምምርኻስ፡ ናይ ምክብባርን ናይ ምጽውዋርን ክስታታት፡ ዝወልድ እውን'ዩ። እንተኾነ፡ ነዚ ናብ ተግባር ንምቕያር፡ ልዕሊ ዊንታን ቃሕታን ዝኸይድ ድልዱል ዲሞክራሲያዊ ውደባ፡ ድልውነትን ተወፋይነትን ዝሓትት ኢዩ። ስለምንታይ ኣዝዩ ዝተሓለለኸን ዝተማሳቐለን ግድላትን መዋጸኣታትን ስለ ዝህልውዎ።

ሃገራዊ ዕርቂ ክንብል ከለና፡ ንስኒት ህዝቢ ኤርትራ ዝበከለ ኩነታት ኣሎ ማለት ኢዩ። እዞም ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢርካ ምንባር ዝበከሉ ጉዳያት ከመይ ዝበሉ እዮም? መንቀሊኦምን ምኽንያቶምን እንታይ ኢዩ? ... ኢልካ ኣቐድሚካ ምርኣይን ምጽናዕን ይሓትት። ምስተፈልጡን ምስተጸመቑን ድማ ንምትግባሮም ሰብኣውን ገንዘባውን ዓቕሚ ምውናን ስለዘድልዮም፡ ከከም ክብደቶምን ህጹት ተደላይነቶምን ብቐዳማይን ብካልኣይን ዕማም ተሰሪዖም ይወገኑ።

መዓስ? ወይ ኣበይ? ንዝብሉ ሕቶታት እውን ስትራተጂካዊ መልሲ የድልዮም። ዝካየደሉ ቦታ ምውሳን፡ ተክኒካዊ መሲሉ ይርአ ይኸውን፣ ግን ኣይኮነን። ብዝኾነ ምኽንያትን ምስምስን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ርሒቑ ክትግበር ኣይግቦኦን። ሃገራዊ ዋዕላ፡ ዲሞክራሲያዊ መስርሕ ኢዩ። ዲሞክራሲያዊ ዕላማን ሽቶን ኢዩ ዘለዎ። ባይታኡን ዋንኡን ዘይሓዘ ዲሞክራሲያዊ መስርሕ ከኣ፡ ብመንገዲ ሃገራዊ ዋዕላ መዓርፎ ክረክብ ኣይሕሰብን። ሃገራዊ ዋዕላ፡ ብባህርያቱ ዲሞክራሲያዊ መስርሕ ስለዝኾነ፡ ካብ ውሽጢ ዝምንጭው እምበር፡ ካብ ደገ ዝውንጨፍ ኣይኮነን። ስለዝኾነ፡ ኣብ ሱዳን ወይ ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ኣብ ኤውሮጳ ዝሰናዳእ ኣይኮነን፣ ኣብ ከብዲ ኤርትራን ሕቝፊ ህዝብን እምበር።

ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን፡ ኣብ ሕቑፊ ህዝበንን ክዓብያን ክስስናን ዘይምኽኣለን ብምልኡ ብምኽንያት ጉድለተን ኣይኮነን። ብመሰረቱ፡ እቲ ጉጉይ ኣመራርሓን ፖለቲካዊ ኣከያይዳን ናይ ሰብዓታት ኢዩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ህልኽን ቅርሕንትትን ተላዒሉ፡ ሜዳ ኤርትራ ክብሕት ስትራተጂ ኣውጺኡ። ሕመቕን ድኽመትን መራሕቲ ጀብሃ ስለዝሓገዞ ድማ ተዓዊትሉ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ከሲሩ፣ ስለምንታይ፡ ኤርትራ፡ ንኣማሳኻኽታ ኢሳያስ ኣሜን ኢሉ ዝኽተል እምበር፡ ነጻ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ውደባን ውልቀ-ዜጋን ክቕመጠላ ዘይትኽእል ሃገር ስለዝገበርዋ። እቲ ኩነታት ናይ ኤርትራ እዚ ኢዩ። እንተኾነ፡ ዋላ ከምዚ እንተኾነ፡ ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝቦምን ሃገሮምን፡ “ፈታው ጸላእየይ፡ ጸላእየይ፣ ጸላኢ ጸላእየይ ከኣ ፈታውየይ” ዝብል ፖሊሲ ብፍቱሕ ክዋስእሉ ኣይግባእን።

ውድባት ኤርትራ፡ ምስ ኢትዮጵያ ዝገብርኦ ዝምድና ብህዝቢ ኤርትራ ጥርጡር ኢዩ። ብመሰረቱ ከም ዲፕሎማሲያዊ ርኽክብ፡ ምስ ኢትዮጵያ ጽቡቕ ዝምድና ምፍጣር ኣገዳሲ ኢዩ። እንተኾነ፡ ምስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸንሐን ነዊሕ ታሪኻዊ ግርጭትን ናይ መግዛእቲ ኩነትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኢትዮጵያ ዝመጸ ስግኣት ክሓድሮ ባህርያዊ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ተቓውም ውድባት ኤርትራ፡ መደበረን ኣብ ኢትዮጵያ ገይረን ዘካይደኦ ውድባዊ ጉባኤታት ይኹን ምንቅስቓሳት፡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝያዳ

ከምዝነጸለን ርግጽ ኢዩ። ስለዚ፣ ካብ ኢትዮጵያ ዝነቅል ናይ ተቓውሞ ውድባት ፖለቲካዊ ወፍሪ፣ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ተሰማዕነት ዝረክብ ኣይኮነን። ውድዕነት እዚ ኮይኑ ከብቅዕ፣ ግን ህዝቢ ዝበለ ይበል! ኢልካ ህዝባዊ ሰረትካ ቀንጺልካ፣ ዝቕጽልን ዝዕወትን ህዝባዊ ቃልሲ የለን። ስለዚ ሃገራዊ ዋዕላ፣ ኣብ ደገ (ብፍላይ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ) ምክያድ፣ ተክኒካዊ ዘይኮነስ፣ ስትራተጂካዊ ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ምርጫ ኢዩ።

ብመሰረቱ፣ ደንበ ተቓውሞ ንበይኑ ኣብ ደገ ሃገራዊ ዋዕላ ይኹን ሃገራዊ ዕርቂ ከካይድ ኣይክእልን። እወ፣ ተቓውሞ ውድባት፣ ኣብ ውሽጠን ንዘሎ ፍልልያት ፍታሕ ክገብራሉን ብሓባር ዓኽዓያ ዘኽእለንን ናይ ገዛእ ርእሰን ዋዕላታትን፣ ጉባኤታትን ክገብራ ይኽእላ። እንተኾነ፣ እዚ ዝዓይነቱ ዋዕላን ጉባኤታትን፣ ሃገራዊ ዋዕላ ክኸውን ኣይክእልን። ስለምንታይ፣ ምልኣት ሃገራውነት ክህቦ ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ርትዒ ኣይረክብን። “ሃገራዊ ዋዕላ” ማለት ብትሕዝትኡን ብኣሳታፍነቱን ብሃገረ-ለኸ ምልኣት ምስረክብ ጥራሕ ኢዩ። ውክልናን ይርሓሰናን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዘየረጋገጸ ዋዕላ፣ ሃገራዊ ክኸውን ኣይክእልን።

ኤርትራዊ ድሞክራሲያዊ ኪዳን፣ ንሃገራዊ ዋዕላ እተሳላስል ኣሳንዳኢት ሽማግለ መዚዙ። ህግደፍ ከም ፖለቲካዊ ስርርዕ፣ ኣብቲ ዋዕላ ኣይሳተፍን ኢዩ ኢሉ። ዝግርም ኢዩ። ብኣፍን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ፣ ብኢደ ወነኑ ሃገራዊ ጉዳያት ይውድእን ይውስንን። ንህዝብን ንካብ ኪዳን ወጻኢ ዝርከባ ሃገራውያን ፖለቲካውያን ውድባትን ምንቅስቓሳትን ኀሲኻን፣ ንሃገራዊ ዋዕላ እተካይድ ሽማግለ መዚዝና ተባሂሉ ምእዋጅ ከይተሓልመ ዝፍታሕ ሕልሚ ኮይኑ። እቲ ዋዕላ ከይተጋበአ፣ ዘይህዝባውነቱ ብኡ ኣቢሉ ድማ ዘይምልኣት ሃገራውነቱ ተቓሊዑ። እምበር፣ ሃገራዊ ዋዕላስ፣ ብባህርያቱ ኣቀራራቢ ወይ ናይ ምቕርራብ ባይታ ዝፈጥር እምበር፣ ነጻጊ፣ ሓራዲ፣ ኀዛዲን ክኸውን ኣይክእልን።

ህግደፍ ብኢደ ወነኑ ይውግድ፣ ይንጽል፣ ይነጽግ። ንህግደፍ ዝቃወም ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ከኣ፣ ብማዕረ ህግደፍ ኣቐዲሙ ብኢደ ወነኑ ይነጽግ የዋስን ይግልፍ። ስለዚ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ኤ.ዲ.ኪ.ን ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ቅርሺ ኮይነን። እቲ ዓቢ ሕቶ እምበኣር፣ ሓደ ዓይነት ፖሊስን ራእይን ዘለዎም ሓይልታት፣ ከመይ ገይሮም ይጻረሩ?

ብመሰረቱ፣ ሃገር-ለኸ (ሃገራዊ) ዋዕላ፣ ኣብ መሬት ኤርትራ እምብር፣ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ክትግበር ኣይክእልን። ስለምንታይ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ፣ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ተሳታፍነት (ብዲሞክራሲያዊ ውክልና) ግድን ዝሓትት ስለዝኾነ። እንተኾነ፣ እዚ ዲሞክራሲያዊ ክስተትዚ፣ ህግደፍ በትረ-ስልጣን ጨቢጡ እናሃለወ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክትግበር ኣይክእልን ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ምልኣት ዘለዎ ሃገራዊ ዋዕላ ምክንዋን ማለት፣ ንቅድመ-ምትካል ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዘተስፍው ኩነታት ምብጽሑ ዘበስር ኢዩ። በዚ ናይ ሎሚ ክውንነት ግን፣ ስልጣን ህግደፍ ነዚ ከተግበር ይኽእል ይኸውን ኢልካ ምእማን ዕምቆት ዘይብሉ ግምገማ ኢዩ። ህግደፍ፣ ነቲ ብባራኬኡ ዝተሳላሰለ ሃገራዊ ቅዋም ከይተረፈ፣ ከይትግበር ዝዓንቀጾን መባእታዊ ሰብኣዊ መሰል ናይ ዜጋታት ዘየኽብርን ፖለቲካዊ ስርዓት ኢዩ።

ኣምር ሃገራዊ ዋዕላን ሃገራዊ ዕርቅን፣ ብመትከል ክግለጽ ዘጸግም ኣይኮነን። እንተኾነ፣ እቲ ኣብ ኤርትራ ክሰላሰል ዝግበኦ ሃገራዊ ዋዕላን ሃገራዊ ዕርቂ ኣብቲ ፍሉይ ታሪኽን ባህላዊ ተረድኦታትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰረተ ኢዩ። ስለዝኾነ፣ ፍሉይ መልክዓትን ትሕዝቶን ክህልዎ ግድን ኢዩ። ከም መባእታዊ ተረድኦ ግን እዘን መሰረታውያን ንጥብታት እዚኣተን ክቐርባ ይኽእላ።

1- ኣብ መሬት ኤርትራ ዝሰላሰል፣ ኣብ ምስንድኡ ይኹን ኣብ ኣከናውንኡ፣ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ተሳታፍነት ዘረጋገጸ፣
2- ብዕላማ ይኹን ብመትከል፣ ንዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ዝሃንጽ፣
3- መንግስትን ሃይማኖትን ዘይደባልቕ፣
4- ብሃይማኖት፣ ብቀቢላ፣ ብኤትኒስቲ፣ ብኣውራጃ፣ ዘየዋስን፣
5- ይቕረ ክብልን፣ እቕረ ክብሃልን ድልውነት ዘሕደረ፣

6- ኣብ ጉሉጽ ኣሰራርሓ ዝኣምንን፡ ብእኡ ዝምእዘዝን፣
7- ኣሳተፍነቱን ምሉእ ኣጀንዳታቱን ኣቐዲሙ ዝነጸረ፣
8- ኣብቲ ዋዕላ፡ መሰልን ግደን ናይ ኩለን ፖለቲካ ውድባት፣ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት፣ ሲቪካውያን ማሕበራት፣ ምሁራትን ሰብ-ሞያን ኤርትራውያን ብመትከል ሃገራውነት ዝኣምን፣
9- ናይ እውነት ኮሚሽን (Truth Commission) ንቐድሚት ንኽትቀውም ዝኣምን።

ደንበ ተቓውሞ፡ ወይ እውን ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን "ዋዕላ ዲያስፖራዊት ኤርትራ" ወይ "ዋዕላ ኤርትራውያን ኣብ ዲያስፖራ" ከሰላስል እንተዝኽእል፡ ምናልባት እወንታዊ ውጽኢት ምሃለዎ። ኣብ ኣብ መደምደምትኡ ዘይኮነስ ኣብ ምስንድኡ፡ ንኹለን ፖለቲካውያን ውድባትን ምንቅስቓሳትን፣ ናይ ሲቪክን ናይ ሰብኣዊ መሰል ማሕበራት ምስታፈን ከኣ ኣድማዒ ምኾነ። እዚ ምኻኑ ሓሊፉ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ባዕሉ ብዝሃቀኖን ንበይኑ ኣሳናዳኢት ሽምግለ ብዝመዘዞን ግን፡ ግደፍ ሃገራዊ ዋዕላ ክኸውንስ፡ ንዲያስፖራ ኤርትራ ዝውክል እውን ኣይኸውንን። ብንጹር ንምዝራብ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝውክሎ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ኣዝዩ ውሱንን ውሑዱን ኢዩ።

መን ይፈልጥ ግን "ብሃገራዊ ዋዕላ ዝተወሰነ ውሳነ፡ ብሃገራዊ ዋዕላ ዝተመረጸ መሪሕነት!"… ኢልካ ንምትላልን ንምድንጋርን እንተኾይኑ ግን፡ ሓዱሽ ግርጭታት ዘባርዕ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን።

ኣብ መንነ መንግስቲ ሱዳንን ኣብ መንነ (SPLA) ኤስ.ፒ.ኤል. ኣይ. ን ዝተገበረ ዘተን ዝተበጽሐ ስምምዕን፡ ንናይ ዳርፉርን በጃን ኩነታት ኣብ ግምት ዝእተወ ስለዘይነበረ፡ ብፍላይ ናይ ዳርፉር ኩነታት ናብ ዝለዓለ ጫፍ ናይ ግርጭት ከምዝንህር ገይርዎ።

ስለዚ ሃገራዊ ፍታሕ ከምጽእ ንዝኽእል ዓበይቲ ጭርሖታት ምጭራሕ፡ ብካልእ ወገን ድማ፡ ንሃገራዊ ፍታሕ ክረጋግጽ ዝኽእል ሓይሊ ብምልኣት ዘይምጥራናፍ፡ ውጽኢቱ ባዶሽ ኢዩ። እዚ ተመኮሮዚ፡ ኣብ ታሪኽና ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ኣይጠቐመንን። መምሊሱ ድኣ ክሳራ የስከምን ኣሎ እምበር።

ኣብ ጉዳይ ኤርትራ፡ ዘለቒ ፍታሕ ክምጽእ ዝኽእል ሓይሊ፡ ርእሰ-ነቼፌታ ዝቐበል፡ ጌጋታቱ ካብ ህዝቢ ዘይክውል ጥራሕ ኢዩ። ከምዚ ዝበለን ባህሪ፡ ነቶም ኣብ ማሕበራዊ ለውጢ ዘይኣምኑ ኣካላት፡ ከም ትምኒታዊ (utopea)፡ ወይ ዘይተግባራዊ ጥራሕ ገይሮም ይትርጉምዎ ይኾኑ። ኣብ ለውጢን ኣብ ቀጻሊ ለውጥን ዘይምእማኖም ከኣ ኣይገርምን።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኩሉ ሽናኻዊ ምዕብልናታት ንምርግጋጽ መርሖ ክኸፍት ዝኽእል፡ ፖለቲካውያን ውድባት ብዓመጽ እናተራጋሓ ኣይኮነን። እወ፡ ከምዝኾነ ናይ ስፖርት ውድድር ኣውዲቕካ ብምሕላፍ ዝዕተር ናይ ዓወት ዋንጫ ኣይኮነን። ንዝወደቐ እናልዓልካ፡ ንዝተጐዳአ እናደገፍካን እናፍወስካን፡ ንዝተዳኸመ ሃገራዊ መንፈስ እናባራብርካን ዝቐጽል ጉዕዞ እምበር።